# ናይ ምእታው እገዳ ምስ ዝውሰነልካ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ንኽትምዝገብ ምስ ዝውሰነልካ ንዓኻ እንታይ ትርጉም ኣለዎ?

ንስኻ ናይ ምእታው እገዳ ጥራይ ዝተወሰነልካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ ወይ ድማ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክትምዝገብ ኢኻ ዝብል ውሳነ ጥራይ ዝተቐበልካ ክትከውን ትኽል ኢኻ። ወይ ክልቲኡ ማለት፣ ናይ ምእታው እገዳ ክግበረልካን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ድማ ክትምዝገብን ዝተወሰነልካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ዝወሃበካ ውሳነ ንምንታይ ናይ ምእታው እገዳ ከም ዝተወሰነልካ ወይ ንምንታይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክትምዝገብ ከም ዝተወሰነልካ ብዝርዝር ይግለጽ እዩ። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እቲ ናይ ምእታው እገዳ ውሳነ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ እንታይ ምዃኑን ንዓኻ እንታይ ትርጉም ከም ዘለዎን ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

1. ናይ ምእታው እገዳ እንታይ እዩ?
2. ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክትምዝገብ ኢኻ ዝብል ውሳነ እንታይ እዩ?
3. እቲ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክትምዝገብ ኢኻ ዝብል ውሳነ ክሳብ ክንደይ ይጸንሕ?
4. ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ምምዝጋብ እንታይ ማለት እዩ?
5. መዓስ እዮም እቶም ብዛዕባኻ ዝገልጹ ሓበሬታት ካብቶም SIS ወይ E&S ዝበሃሉ ስርዓተ ሓበሬታት ዝስረዙ?
6. ኣብ ሆላንድ እንከለኻ ናይ ምእታው እገዳ እንተ ተወሲኑልካ ከመይ እዩ ክኸውን?
7. እንተድኣ ነቲ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ነቲ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ምምዝጋብ ዝብል ውሳነ ዘይትሰማማዓሉ ኾይንካ እንታይ ክትገብር ትኽእል?
8. መዓስ ኢኻ ዳግማይ ናብ ሆላንድ ክትኣቱ ትኽእል?
9. ነቲ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ምምዝጋብ (ግዝያዊ) ንኽለዓለልካ ብኸመይ ክትሓትት ትኽእል?
10. ሕቶታት እንተ ኣልዩካ እንታይ ክትገብር ኣሎካ?

## 1. ናይ ምእታው እገዳ እንታይ እዩ?

ንእተወሰነ እዋን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ሃገራት ቍጠባዊ ዞባ ኤውሮጳ (EER) ከምኡ ድማ ናብ ስዊዘርላንድ ክትኣትውን ኣብዘን ሃገራት ክትህሉን ኣይፍቀደልካን እዩ። ኣብ www.ind.nl/eueer ከምኡ ድማ www.ind.nl/en/eueea ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳን ሃገራት ቍጠባዊ ዞባ ኤውሮጳን እንታይ ምዃነን ኣንብብ። ካብዚ ንደሓር ንኹለን እዘን ሃገራት እዚኣተን ሕብረት ኤውሮጳ ኢልና ኢና እንጽውዐን። እቲ ናይ ምእታው እገዳ ን ኣየርላንድ ኣይምልከትን እዩ።

ክትምለስ ኣለካ ዝብል ውሳነ ድሕሪ ምቕባልካ ኢኻ ናይ ምእታው እገዳ ውሳነ ዝግበረልካ። እዚ ኣብ ሆላንድ ክትህሉ ከምዘይፍቀደልካን ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ክትወጽእ ከምዘለካን ዝገልጽ ውሳነ እዩ። ናብታ ኣብቲ ናይ ምምላስ ውሳነ ዝተገልጸት ሃገር ድማ ክትምለስ ኣለካ። ወይ ድማ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ወጻኢ ናብ ካልእ ክትቅመጥ ዘፍቀደትልካ ሃገር ክትከይድ ኣለካ። እዚ ንኣየርላንድ ዘጠቓልል ኣይኮነን።

## 2. ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክትምዝገብ ኢኻ ዝብል ውሳነ እንታይ እዩ?

እቲ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክትምዝገብ ኢኻ ዝብል ውሳነ ምስ ናይ ምእታው እገዳ ዝመሳሰል እዩ። እንተደኣ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ንኽትምዝገብ ተወሲኑልካ ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ክትኣትው ወይ ድማ ክትቅመጥ ኣይፍቀደልካን እዩ። ምናልባት እቲ ንዓኻ ዝተዋህበካ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ ንነዘርላንድ ጥራይ ዝምልከት ክኸውን ይክእል እዩ። እቲ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ ዝወሃበካ እንተድኣ ንስኻ ንሕጊ ስርዓት ወይ ንሃገራዊ ድሕንነት ሓደገኛ ኢኻ ተባሂልካ እዩ።

## 3. እቲ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክትምዝገብ ኢኻ ዝብል ውሳነ ንኽንደይ እዋን እዩ ዝቕጽል?

እቲ ናይ ምእታው እገዳ ውሳነን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክትምዝገብ ኢኻ ዝብል ውሳነን ንኽንደይ ዓመት ከም ዝኾነ ኣብ ኵነታትካ እዩ ዝምርኰስ። እቲ ናይ ምእታው እገዳ ውሳነን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክትምዝገብ ኢኻ ዝብል ውሳነን ንኽንደይ እዋን ኸም ዝቕጽል ኣብቲ ዝወሃበካ ውሳነ ይሕበር እዩ።

እቲ ዝውሰነልካ ናይ ምእታው እገዳ ካብታ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ትወጸላ ዕለት እዩ ዝጅምር። እንተድኣ እቲ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ ንነዘርላንድ ጥራይ ዝምልከት ኾይኑ ድማ ካብታ ካብ ነዘርላንድ ትወጸላ ዕለት እዩ ዝጅምር። ኣንተደኣ IND ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ነዘርላንድ ከም ዝወጻእካ ፈሊጡ እሞ እቲ ናይ እገዳ ወይ ምዝገባ እዋን ድማ ኣብቂዑ እቲ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ ክሰሓብ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኾነታት ንስኻ ካብ'ቲ ናይ ስርዓት ሓበሬታ መዝገብ ክትስረዝ ኢኻ፣ ብድሕር'ዚ ናብ ነዘርላንድ ይኹን ናብ ካልኦት ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ሃገራት ክትኣትው ይፍቀደልካ እዩ። IND ካብ ነዘርላንድ ከም ዝወጻእካ ክፈልጥ ዝኽእል እቲ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ ንኽለዓለልካ

ሕቶ ኣብ ተቐርበሉ እዋን ከም ዝወጸእካ ከተርእይ እንተ ኺኢልካ ጥራይ እዩ። ኣብ ሕቶ ቑጽሪ 4 ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ምምዝጋብ ኣንታይ ማለት ምዃኑ ኣንብብ።

### 4. ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ምምዝጋብ እንታይ ማለት እዩ?

ኣብ ስርዓት ሓበሬታ እንተ ተመዝጊብካ ንስኻ ንኽትኣቱ ዘተኣገድካ ምዃንካ ንዝምልከቶም ኣካላት ሓበሬታ ተመሓላሊፉ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ማለት ድማ መንግስቲ ከም ስማካ፣ ዕለተ ልደትካ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ብዛዕባኻ ዝገልጹ ሓበሬታት ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ይምዝገቦም። ብኸምዚ ድማ ሓለውቲ ዶብን ፖሊስን ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ስርዓት ንስኻ ንኽትኣቱ ዘተኣገድካ ምዃንካ ክርእዩኻ ይኽእሉ እዮም።
ቁጽጽር ድሕሪ ምግባርም ኣብ ዶብ ደው ከብሉኻ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኹነታት ናብታ ሃገር ክትኣቱ ኣይፍቀደልካን እዩ። ኣብቲ ዝወሃበካ ውሳነ ኣበየናይ ስርዓት ሓበሬታ ከም ዝተመዝገብካ ይግለጽ እዩ።

2 ዓይነት ስርዓት ሓበሬታት ኣለዉ፧

- Executie & Signalering (E&S): እዚ ስርዓት ሓበሬታ'ዚ ናይ ነዘርላንድ ፖሊስን ናይ ነዘርላንድ ሃገራዊ ድሕነትን ስርዓት እዩ።
- Schengeninformatiesysteem (SIS): እዚ ስርዓት ሓበሬታ'ዚ ናይ ኤውሮጳ ኾይኑ ናይ ኩለን ኣባላት ሸንገን ሃገራት ሓለውቲ ዶብን ፖሊስን ክርእይዎ ዝኽእሉ ስርዓት እዩ። ኣብ www.ind.nl/schengengebied ወይ ኣብ www.ind.nl/schengenarea ኣባላት ሸንገን ዝኾነት ሃገራት ኣየኖት ምዃነን ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ 1 ስርዓት ሓበሬታ ጥራይ ኢኻ ክትምዝገብ ትኽእል። ናይ ምእታው እገዳ ወይ ምምላስ ብዝምልከት ኣብ SIS ኢኻ ትምዝገብ፣ ቅድም'ቲ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ ምውሃቡ ናይ ምእታው እገዳ እዩ ዝግበረልካ።

*ቅድሚ ናይ ምምላስ ውሳነ ምቕባልካ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ንኽትምዝገብ እዩ ዝውሰነልካ*

ናይ ምእታው እገዳ ከም ዝተገብረልካ ብሑ ንብሑ ኣይኮንካን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ዝምዝገብ። መጀመርታ ንኽትምለስ ከም ዝተወሰነልካ እዩ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ዝምዝገብ። እንተድኣ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወጺእካ እሞ IND ድማ ነዚ ፈሊጡ ሽዑ ኣብቲ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምእታው እገዳ ከም ዝተገብረልካ ኢኻ ክትምዝገብ። ብድሕር'ዚ ናብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ክትኣቱን ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ክትቕመጥን ኣይትክእልን ኢኻ። ብዛዕባ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ምምዝጋብን ናይ ምውጻእ ውሳነን ብዝምልከት ኣብ www.ind.nl/nl/terugkeerbesluit ወይ www.ind.nl/en/return-decision ኣንብብ።

*ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብን ናይ ምእታው እገዳን ብዝምልከት ዝወሃብ ውሳነ*

እቲ ዝወሃበካ ውሳነ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ንኽትምዝገብ ተወሲኑልካ ኣሎ ዝብል ጥራይ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምኡ ድማ እቲ ዝወሃበካ ውሳነ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ንኽትምዝገብ ተወሲኑልካ ኣሎ ናይ ምእታው እገዳ ድማ ተወሲኑልካ ኣሎ ዝብል ክኸውን እውን ይኽእል እዩ።

*ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ናይ ምንባር መሰልን ናይ ምእታው እገዳ ውሳነን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነን*

እንተድኣ ድሮ ኣብ ሓንቲ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ሃገር ናይ ምቕማጥ መሰል ዘለካ ኾይኑ ኣሞ መንግስቲ ነዘርላንድ ንልዕሊ 2 ዓመት ዝጸንሕ ናይ ምእታው እገዳ ዝወሰነልካን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ንኽትምዝገብ ድማ ዝወሰነልካን ኾይኑ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኹነታት መንግስቲ ነዘርላንድ ነታ ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ነቲ ናይ መንበሪ መሰልካ ንኽትስርዞ ክሓታ እዩ። እንተደኣ እታ ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ነቲ ናይ ምንባር መሰልካ ሰሪዛቶ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኹነታት ንስኻ ኣብ'ቲ SIS ዝበሃል ስርዓት ሓበሬታ ንኽትምለስ ከም ዝተወሰነልካን ናይ ምእታው እገዳ ከም ዝተገብረልካን ጥራይ ኢኻ ትምዝገብ። እንተድኣ እቲ ዘለካ ናይ ምንባር መሰል ዘይተቛረጸ ድማ IND ነቲ ናይ ምእታው እገዳ ከልዕለልካ እዩ ከምኡ ድማ ኣብ'ቲ E&S ዝበሃል ስርዓት ሓበሬታ ክምዝግበካ እዩ። እንተድኣ እታ ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ነቲ ናይ መንበሪ መሰልካ ኣብ ካልእ እዋን ሲሒባቶ IND ኣብ'ቲ E&S ዝበሃል ስርዓት ሓበሬታ ክምዝግበካ እዩ።

### 5. መዓስ እዮም እቶም ብዛዕባኻ ዝገልጹ ሓበሬታት ካብቶም SIS ወይ E&S ዝበሃሉ ስርዓት ሓበሬታት ዝስረዙ?

- እንተድኣ እቲ ዝተገብረልካ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ እዋኑ ኸም ዘብቀዓ ተረጋጊጹ። ከምኡ ድማ ንስኻ ካብታ ዝወጻኻላ ዕለት ንደሓር ዘይተመሊስካ ኾይንካ።
- እንተድኣ IND ብድሕር'ቲ ዝተወሰነልካ ናይ ምእታው እገዳ ንስኻ ኣብ ሓንቲ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ሃገር ናይ ምቕማጥ መሰል ከም ዝተዋሀበካ ዝፈልጥ ኾይኑ። ብድሕር'ዚ IND ነቲ ናይ ምእታው እገዳ ክስርዞልካ እዩ ካብቲ SIS ዝበሃል ስርዓት ሓበሬታ ድማ ከውጽኣካ እዩ። ኣንተደኣ መንግስቲ ነዚ ሕብረተሰብን ሕጊ ስርዓትን ተስግእ ኢኻ ኢሉ ሓሲቡ ድማ ኣብ'ቲ E&S ዝበሃል ስርዓት ሓበሬታ ክምዝግበካ እዩ።
- እንተደኣ እቲ ናይ ምእታው እገዳን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነን ንኽለዓለልካ ሕቶ ኣቕሪብካ ኾይንካ እሞ ሕቶኻ ተቀባልነት ረኺቡ ኾይኑ። ኣብ ሕቶ ቑጽሪሕ 9 እቲ ናይ ምእታው እገዳን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነን ንኽለዓለልካ ብኸመይ ኽም እትሓትት ተገሊጹ ኣሎ። እንተደኣ እቲ ናይ ምእታው እገዳን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነን ንግዜኡ ንኽስረዘልካ ተወሲኑ ድማ ኣብቶም SIS ከምኡ ድማ E&S ዝብሉ ስርዓት ሓበሬታት ምዝጉብ ኮይንካ ክትጸንሕ ኢኻ።

### 6. እንተደኣ ናይ ምእታው እገዳ ተወሲኑልካ እንከሎ ኣብ ነዘርላንድ ዘለኻ ኮይንካ እንታይ ክግበር እዩ?

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኹነታት ናብ ነዘርላንድ ምእታውን ኣብ ነዘርላንድ ምቕማጥን የቕጽዕ እዩ። ክሳዕ 6 ወርሒ ክትእሰር ትኽኢል ኢኻ ወይ ከኣ ኣሸሓት ዩሮ ኽትቕጻዕ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣብ ናይ ገበን መቕጽዒ ሕጊ ኣብ ዓንቀጽ 197 ከምኡ ድማ ኣብ ዓንቀጽ 108 ተገሊጹ ኣሎ።

## 7. እንተደኣ ነቲ ናይ ምእታው እገዳ ውሳነ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ ዘይትሰማማዓሉ ኾይንካ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

እዚ ኣብ ውልቃዊ ኵነታትካ እዩ ዝምርኰስ። ተቓውሞኻ ናብ IND ወይ ድማ ናብ ቤት ፍርዲ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ዝወሃበካ ውሳነ ነቲ ተቓውሞ ብኸመይ ከም እትገብሮ ይግለጽ እዩ።

## 8. መዓስ ኢኻ እንደገና ናብ ኔዘርላንድ ክትኣቱ ትኽእል?

- እንተድኣ እቲ ዝተገብረልካ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ እዋኑ ኸም ዘብቀዓ ተረጋጊጹ።
- እንተደኣ እቲ ናይ ምእታው እገዳን ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነን ንኽለዓለልካ ሕቶ ኣቕሪብካ ኾይንካ እሞ ሕቶኻ ተቀባልነት ረኺቡ ኾይኑ።

## 9. እቲ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ምምዝጋብ (ንግዚኡ) ንኽለዓለልካ ብኸመይ ኢኻ ትሓትት?

እቲ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ስምካ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ምምዝጋብ ንኽለዓለልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት እቲ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ይ ምምዝጋብ ውሳነ እዋኑ ከየብቀዓ እንከሎ ናይ ግድን ናብ ንዘርላንድ ክትኣቱ ዘለኻ ኾይኑ። ኣብ ኣዝዩ ፍሉይን ህጹጽን ኵነታት ንግዚኡ ጠጠው ክብለልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ንኣብነት እቲ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ናይ ምምዝጋብ ውሳነ እዋኑ ኣብቂዑ ኾይኑ። ከምኡ ድማ እንተድኣ ንስኻ ኣብ'ቲ E&S ዝተባህለ ስርዓት ሓበሬታ ተመዝጊብካ እንከለኻ IND ንስኻ ካብ ነዘርላንድ ከም ዝወጻእካ ዘይፈልጥ ኾይኑ። ወይ እንተድኣ ንስኻ ኣብ'ቲ SIS ዝተባህለ ስርዓት ሓበሬታ ተመዝጊብካ እንከለኻ IND ንስኻ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ከም ዝወጻእካ ዘይፈልጥ ኾይኑ።

እቲ ውሳነ ንኽለዓለልካ ምስትደልይ ነቲ ኣብ ወብ ሳይት ዘሎ *ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ፣ ናይ ምእታው እገዳ ወይ ኣብ ስርዓተ ሓበሬታ ምምዝጋብ ንኽሰሓበልካ መሕተቲ ዝምላእ ፎርም* (9004 ወይ 9504) ተጠቒምካ መሊእካ ናብ IND  ክትልእኮ ትኽእል ኢኻ። ካልእ ሰብ እውን እቲ ውሳነ ንኽለዓለልካ ክሓትለካ ይኽእል እዩ። ነቲ ዝሓተልካ ሰብ ድማ ኣብ ክንዳኻ ኾይኑ ስጉምቲ ንኽወስድ ብወግዒ ውክልና ስልጣን ብምሃብ ክትፈቕደሉ ኣሎካ። ነዚ ኸኣ ኣብቲ መምልኢ ፎርም ብምስፋር ክታምካ ብምስፋር ኢኻ ትገብሮ። እዚ ውክልና ስልጣን ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## 10. እንተድኣ ሕቶታት ኣልዩካ እንታይ ክትገብር ኣሎካ?

- [www.ind.nl/inreisverbod](http://www.ind.nl/inreisverbod) ወይ [www.ind.nl/en/entry-ban](http://www.ind.nl/en/entry-ban) ንዝብሉ ወብሳይታትና ተወከስ።
- ሓበሬታ ንምርካብ ናብ ናይ IND ስልኪ ቑጽሪ +31 88 043 04 30 ደውል። በዚ ቍጽሪ እዚ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 09:00 ክሳዕ ሰዓት 17:00 ኣብ ዘሎ እዋን ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

*ካብ ትሕዝቶ እዛዚ ጽሑፍ ዝኾነ ይኹን መሰላት ክርከብ ኣይከኣልን ኢዩ። እንተደኣ እቲ ትርጒም ናብ እትፈላለየ ርድኢት ዝመርሕ ኰይኑ እቲ ብቛንቓ ነዘርላንድስ ዘሎ እዩ ወሳኒ ዝኸውን። ንትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ምንጪ ብምጥቃስ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።*